# ዘይምኽኑይ ተጻብኦታት ኣመሪካ
# ኣብ ልዕሊ ኤርትራ

ክፍሊ ምርምርን ሰነዳን
ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን
ሓምለ 2012 ኣስመራ

# መእተዊ

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣንጻር ኤርትራ፡ ዘይምኽኑይ ተጻባኢ ፖሊሲ ሒዛ ትቕጽል ኣላ። ንጹላት መርኣያታት ናይዚ ፖሊሲ'ዚ ድሙቓት እኳ እንተኾኑ፡ ነዚ ፖሊሲ'ዚ መሰረት ዝኾነ ምኽንያታትን ቀጻልነቱ ኣብ ዝሓለፈ 60 ዓመታትን፡ ከምኡ'ውን እቲ ጭቡጥ ጽልዋኡ ወይ ዳይናሚካነቱ ብዝርዝር ስለዘይተገልጸ ግን፡ እቲ ጉዳይ ጽልግልግ ዝበለ እዩ። ዕማም ናይዚ ጸብጻብ'ዚ ድማ ነዚ ሃንፍ'ዚ ንምምላእ እዩ።

ኣብዚ ጸብጻብ'ዚ ብቕደም ተኸተል ቀሪቦም ዘለው ንተጻይ መርገጺታት ኣመሪካ ዝገልጹ፡ ኣእላፍ ዝርዝራትን መረዳእታታትን ሓደ መሰረታዊ ሓቂ እዮም ዘነጽሩ። ተጻብኦ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ክብርታት ብፍላይ ድማ ኣብ ጉዳያት ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣህጉራዊ ሕጊን መትከላትን ካብ ዘሎ ዘይምቅዳው ዝመንጨወ ኣይኮነን። ኣመሪካ፡ ፍልስፍናዊ ኣጠማምታ ኮነ ፖለቲካዊ ሕብርን እንታይነትን ናይቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስልጣን ዝሓዙ ስርዓታት ብዘየገድስ፡ ኢትዮጵያ ንዞባዊ ስትራተጂን ረብሓን ኣመሪካ ብዝበለጸ ከተገልግል እትኽእል ሃገር'ያ ዝብል እምነት ኣለዋ። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ግዜ ዘውዳዊ ስርዓት ሃይለስላሰ ነይሩ። ኣብ ግዜ ወተሃደራዊ ምልኪ መንግስቱ ሃይለማርያም ከምኡ ቀጺሉ፡ ክሳብ ሕጂ እውን ኣይተቐየረን።

# ዘይምኽኑይ ተጻብኦታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ

1. ኣብ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን ዘንጸባርቐ ክርሃት (ዘይምቅብባል)፡ ከምቲ ብዙሕ ግዜ ዝበሃል፡ ብሰንኪ ኩናት ሶማልያ ዝተኸስተ ናይዚ ቀረባ እዋን ፍልልይ ኣይኮነን። ካብዚ ንጹል ፍጻመ'ዚ ዝነውሐ ዕድመ ዘለዎ እዩ። ኣብ 1950ታት ስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣመሪካ ንመሰል ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ካብ ዘእትዎ ንድሓር፡ ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣመሪካ ብዘይኣፈላላይ፡ ህላወ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ንምጽናዕ ልዑል ደገፍ እዮም ኣበርኪቶም። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ 50ታት ምስ ክስተት ዝሑል ኩናት ተኣሳሲሩ፡ ስትራተጂያዊ ረብሓታታ ንምዕባይ፡ መሰል ኤርትራ ንናጽነት ኣብ ምዕምጻጽ ዝተጻወተቶ ተራ፣ ንስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሰ ዝገበረቶ ግዚፍ ወተሃደራዊ ሓገዝ እንተላይ ምስልጣን "ጸረ-ደባይ ሓይልታት"፣ ስርዓት መንግስቱ ምስ ሕብረት ሶቭየት ድልዱል ምሕዝነት እናሃለዎ እትገብረሉ ዝነበረት መጠነኛ ሓገዝ፣ ከምኡ'ውን ኣመሪካ ክሳብ መጨረሽታ ሰዓት ኣንጻር ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዝነበራ ተጻራሪ መርገጺ ታሪኽ ዝሰነዶም ዘየካትዑ ጭብጢታት እዮም።

2. ዋጋ ናይዞም ፖለሲታት ንህዝቢ ኤርትራ ብግዜን ዕድላትን ሰብኣዊ ክሳራን እምብዛ ከቢድ እዩ ነይሩ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ግጉይ ፖሊሲታት ህዝቢ ኤርትራ 65,000 ብሉጻት ደቁ ኣብ ኩናት ክኸፍል ተገዲዱ እዩ። ይኹንምበር፡ ድሕሪ ናጽነት፡ መንግስቲ ኤርትራ

ንተግባራት ኣመሪካ ይቕረ ክብለሉን ክርስያን እዩ መሪጹ። ነዚ ጸሊም ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ብምዕጻው ድማ፡ ምስ ኣመሪካ ሓድሽ ናይ ምሕዝነትን ምትሕብባርን ዝምድና ክምስርት ተበጊሱ። ክሳብ 1998 ከኣ፡ ናይ ምምሕዳራት ኣመሪካ ድልየት እውን ተወሲኽዎ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን ጽቡቕ ነይሩ።

3. እንተኾነ ብ14 ግንቦት 1998 ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ኣዊጃ፡ ብ5 ሰነ 1998 ነፈርቲ ኲናት ኢትዮጵያ ኣብ ርእሰ ከተማ ኤርትራ፡ ኣስመራ ምስ ደብደባ፡ ናይ ሽዑ ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ንቡር ዲፕሎማሲያዊ ኣገባባት ብምስባር፡ ኣብ ኡጋዱጉ ኣብ ዝተጋብአ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃ ቀሪባ፡ ንኢትዮጵያ ዝድግፍ መግለጺ ኣብ ርእሲ ምስምዓ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ንኤርትራ ዝኹንን ህውኽ ውሳነ ክርዕም ጐሲጒሳ።

4. ኣብ ሓምለ ናይቲ ዓመት'ቲ፡ ፕረዚደንት ክሊንተን፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር ክበጽሓ ሽምጊሉወን ነይሩ። ሽዑ ናይ ኤርትራ እውጅ ምርጫ፡ ኣብ ክንዲ ከፊላዊ፡ ኣጠቓላሊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ክግበር እዩ ነይሩ። ምምሕዳር ክሊንተን ግን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኣጠቓላሊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ድልው ኣይኮነን ብዝብል ምኽንያት፡ ኣብ ከፊላዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ጸቒጡ። ኢትዮጵያ ድማ፡ ነዚ ናይ ሰላም መስኮት'ዚ ተጠቒማ፡ ብፋይናንስያዊ ደገፍ ምዕራባውያን፡ ኤስ.ዩ 27 ነፈርቲ ውግእ ክትሽምት ክኢላ። ድሕሪ'ዚ፡ ብ6 ለካቲት 1999 *"ኤርትራ ንዓዲ ግራት (ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ እትርከብ ከተማ) ብነፈርቲ ደብዲባ"* ዝብል ፈጠራዊ ሓሶት ብምዝርጋሕ፡ ሓድሽ

ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ከፈታ። ሰበስልጣን ኣመሪካ፡ ኢትዮጵያ ፈጠራዊ ሓሶት ብምቕራብ ንስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር (ሞራቶርዩም) ከምዝጠሓሰቶ ይፈልጡ እኳ እንተነበሩ፡ ልክዕን ኣራሚን ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ግን ክቑጠቡ እዮም መሪጾም።

5. እዚ ይኹን'ምበር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ብምኳን ዘተ ስላም ምስላጥ ቀጺላቶ እያ። ኣብዚ ሕል'ኽላ'ኽ ዝበዝሖ ናይ ዘተ መስርሕ፡ ናይ ኣመሪካ ኣሳለጥቲ፡ ኣብ ነሓሰ 1999 ቴክኒካዊ ቅጥዒታት ዝተሰምየ ዝርዝራዊን ናይ መጨረሽታን ሰነድ ሒዞም ቀሪቦም ነይሮም። እቲ ናይ ስምምዕ ሰነድ ንጽገና ክፉት ኣይኮነን ተባሂሉ ብመልክዕ "ተቐበሎ ወይ ተሓሰሞ" እዩ ተዋሂቡ። ክልቲኦም ወገናት ድማ፡ በቲ ዝቐረበ ቅጥዒ ከምዝ'ቕየዱ ገሊጾም ነቲ ሰነድ ተቐቢሎሞ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን፡ ኢትዮጵያ ካልእ ወራር ንምክያድ ዘ'ክእላ ግዜ ክትሽምት እንተዘይኮይኑ፡ ነቲ ስምምዕ ብምሉእ እምነት ከምዘይተቐበለቶ ኤርትራ ክትግንዘብ ክኣለት። ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ድማ፡ ነዚ ኩነታት'ዚ ኣመልኪቱ ንላዕለዎት ሰበስልጣን ዋሽንግቶን ሓቢሩዎም። ንሳቶም ብወገኖም፡ እቲ ዝብሎ ዘሎ ሓቂ እንተድኣ ኮይኑ ኢትዮጵያ ዝ'ሽፍእ ሳዕቤናት ክትስከም ምኳና ኣረጋጊጾምሉ። የግዳስ ከምቲ ጸኒሑ ዝተራእየ፡ ኢትዮጵያ ነቲ ስምምዕ ኣብ ዕጽው መድረ'ኽ ኣብጺሓ ብ12 ግንቦት 2000 ንሳልሳይ ግዜኣ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፈነወት። ምምሕዳር ኣመሪካ ዝኣተዎ መብጽዓ ኣይተግበረን። ብኣንጻሩ ባይቶ ጸጥታ በዳልን ተበዳልን ዘይፈሊ ወተሃደራዊ እገዳ ክውስን ደሪኹ።

6. ኣብዚ ናይ ኵናት እዋን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብቐጥታ ዝበዝሕ ግዜ ድማ ብናይ ቀረባ ወከልታ ኣቢላ ንኢትዮጵያ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣበርኪታትላ እያ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኢዱ ዝርከብ ጭቡጥ ሓበሬታ ከቃልሖ ኣይመረጸን እምበር፡ ወኪላት ስለያ ኣመሪካ፡ ኣብቲ ርሱን ኵናት ዝካየደሉ ዝነበረ ጥርዚ ናይ ሳልሳይ ወራር፡ ማለት ግንቦት 2000፡ ኣብ ኤርትራ ናዕቢን ጥልመትን ምእንቲ ክልዓል፡ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ርክብ ንምፍጣር ጽዒሮም ነይሮም።

7. መንግስቲ ኣመሪካ ካብ 2001 ጀሚሩ፡ ንውዕል ቪየና 1961 ብዝጻረር መገዲ፡ ኣብ ዋሽንግቶን ንዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራ ካብ ቀረጽ ናጻ ዝገብር ዲፕሎማሲያዊ መሰሎም ግሂሱዎ ይርከብ። መንግስቲ ኤርትራ ተመሳሳሊ ግብረመልሲ ስለዘይወሰደ ከኣ፡ ናይ ኣመሪካ ዲፕሎማሰኛታት ኣብ ኤርትራ ናይ ናጻ ቀረጽ መሰሎም ብዘይ ጸገም ይጥቀምሉ ኣለው።

8. ኤርትራ ኣብ ኪዳን ጸረ-ሽበራ ድሕሪ ምጽንባራ ኣብ ሳልሳይ ወርሑ፡ ማለት ኣብ ሰነ 2003፡ ኣብቲ ኪዳን ንዝኣተዋ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ዝተሰልዐ ገንዘባዊ ሓገዝ ምእንቲ ከይትረክብ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ካብ መዝገብ ሰሪዙ፡ ኣባልነታ ኣብ “ልፍንቲ ወለንተኛታት” ከምዝውሰን ገይሩ።

9. ኣብ ጥቅምቲ 2003፡ ጅቡቲ ካብ ዝመደበሩ ሓይሊ ዕማም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ናብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ዝመጹ ኣባላት ሓደ ወተሃደራዊ ጉጅለ፡ ንውሽጣዊ ሕጋጋት ሃገር ብምጥሓስ፡

ንሓደ ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ኤርትራ ናብ ጅቡቲ ዘይሕጋዊ ጉዕዞ ክፍጽም ተሓባቢሮሞ።

10. ኣብ 2003 ናይ ኣመሪካ "ኮምሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት"፡ ኣብ ዓመታዊ ጸብጻቡ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ብ"ምግሃስ ሃይማኖታዊ ናጽነት" ኣብ ርእሲ ምኽሳሱ፡ ኣብ ለካቲት 2004 ምምሕዳር ኣመሪካ በዚ ጉዳይ'ዚ ንኤርትራ ከም "ፍልይቲ ኣስጋኢት ሃገር" ጠቒሱ፡ ኣብ ልዕሊኣ እገዳ ወተሃደራዊ ዕድጊ ወሲኑ።

11. ኣብ ታሕሳስ 2003 ፕረዚደንት ቡሽ፡ ኤርትራ ክልተ ዓመት ኣብ ኣጎዋ ድሕሪ ምጽንባራ፡ ኣባልነታ ከምእተሰረዘ ኣፍሊጡ።

12. ካብ 2004 ጀሚሩ ኣመሪካ፡ ኣብ ከተማ ኒዮርክ ዝርከብ ቀዋሚ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንመንበሪ ገዝኡ ዝኸውን ንብረት ከይገዝእ ከልኪላቶ ትርከብ።

13. ብ13 ሚያዝያ 2004 መኾንናት ውሽጣዊ ጸጥታ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ንዝርከብ ኮማዊ ማእከል ኤርትራውያን ብምውራር፡ ጠበንጃ ኣቕኒዮም ካብ ሓደ ዲፕሎማሲያዊ ወኪል ገንዘብን ሰነዳትን ዘሪፎም። ኤርትራ፡ እቲ ተግባር ውዕል ቪየና ብምጥሓስ ዝተኻየደ ዓመጽ ምኳኑ ገሊጻ፡ ብተደጋጋሚ ንብረት ኤምባሲኣ ክምለሰላ እኳ እንተሓተተት፡ መንግስቲ ኣመሪካ ዛጊት ፍቓደኛ ኣይኮነን።

14. ኣብ መስከረም 2004 መኾንናት ጸጥታ ኣመሪካ፡ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ከተማ ኒዮርክ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ

ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ንብረቱ ከፊቶም ፈቲሾሞ።

15. ካብ 2003 ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን፡ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ፡ ብወግዓዊ ስራሕ ናብ ኣመሪካ ክገሹ ዝግብኦም ብዙሓት ሓለፍቲ መንግስቲ ኤርትራ፡ መእተዊ ቪዛ ከልኪሉዎም ወይ ደይ መደይ ኢሉ ከምዝደናጐ ገይሩ። ካብቶም ዝተኸልከሉ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲን ህግደፍን እንተላይ ኣብ ፈስቲቫላት ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኣመሪካ፡ ንምስታፍ ዝነቐሉ ሙዚቀኛታት ይርከብዎም።

16. ኣብ ጥሪ 2006 ተሓጋጋዚት ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ብዘይ ኣፍልጦ መንግስቲ ኤርትራ ኣብቲ ብወራር ተጎቢጡ ዝርከብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ባድመ፡ ብሰበስልጣን ኢትዮጵያ ተሰንያ በጺሓ። ሚስስ ጀንዳየ ፍሬዘር እዚ ብምግባራ፡ ኢትዮጵያ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ምጉባጣ ደጊፋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኸታ፡ መጻኢ ዕድል ባድመ ዝውስን "ረፈረንደም" ክካየድ እውን ኣሚማ።

17. ኣብ ሕዳር 2006 ካብ ክልተ ዘይመንግስታውያን ትካላት፡ መርሲ ኮርፕስን ትካል ረድኤት ካቶሊክን ዝመጸ እኹሊ ረድኤት ብመሰረት ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣጠቓቕማ ረድኤት፡ ኣብ ግቡእ መዓላ ውዒሉ ከብቅዕ፡ መንግስቲ ኣመሪካ 4.5 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ክኽፈሎ ንሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን መንግስቲ ኤርትራ ሓቲቱ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ 1998፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኵናት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ወደብ ዓሰብ ከይጥቀም ስለዝተሓሰመ፡ ኣብቲ ወደብ ተሪፉ ዝተባላሸወ

ናብ ኢትዮጵያ ዝቐንዐ እኽሊ ረድኤት፡ ኤርትራ ዋጋኡ ክትከፍል ብመንግስቲ ኣመሪካ ተሓቲታ ነይራ።

18. ኣብ ሕዳር 2006 መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ ዋሽንግቶንን ኦክላንድን ንዝርከቡ ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራን ስድራቤቶምን ናይ ምንቅስቓስ ገደብ ገይሩሎም። ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ እዋን ድማ፡ ሓለፍቲ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ኣምባሳደርን ካልኦት ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራን ክንየ 25 ኪሎሜትር ክንቀሳቐሱ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ጠለባት ዳርጋ መብዛሕትኡ ይነጽግዎ ነይሮም።

19. መንግስቲ ኤርትራ፡ ሓድሽ ቪዛ ኦፊሰር፡ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ኮይኑ ዝተመዘዘ ሰብ፡ ናብ ኤርትራ መእተዊ ቪዛ ሂብዎ ከብቅዕ፡ ኤምባሲ ኣመሪካ *"ብምኽንያት ሕጽረት ሰራሕተኛታት፡ ካብ 4 ሕዳር 2006 ጀሚሩ፡ ናይ ቪዛ ኣገልግሎት ደው ኢሉ ኣሎ፣ ነዚ ኣገልግሎት'ዚ ዝህቡ ሰራሕተኛታት ናብ ኤርትራ ክኣትው ኣብ ዝተፈቕደሉ እዋን ድማ፡ እቲ ኣገልግሎት ክቕጽል እዩ"* ክብል ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣፍሊጥዎ። እቲ ሓበሬታ ሽዑ መዓልቲ ብስም ምልክታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተዘርጊሑ። ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ቤተሰቦም ንምብጻሕ ናብ ኣመሪካ ክገሹ ዝመደቡ ኤርትራውያን፡ መእተዊ ቪዛ ክሓቱ ናብ ናይሮቢን ካይሮን፡ (መብዛሕትኡ ግዜ ከኣ ንዘይሰልጠም) ክኸዱ ይግደዱ ኣለው።

20. ኣብ ሓምለ 2006 ኣብ ኣመሪካ ዝተመዘዘ ሓድሽ ኣምባሳደር ኤርትራ፡ ምስ ምክትል ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ክላለ ቴለፎን ኣብ ዝደወለሉ፡ እቲ በዓል ስልጣን፡ *"ኣብ ኣመሪካ ናይ ስራሕ*

*ግዜኻ ክሳብ እትውድእ ኣሸጋሪ ግዜ ከተሕልፍ ኢኻ”* ክብል ኣጠንቂቕዎ።

21. ኣብ ጥሪ 2007 ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ጆን ኤፍ ኬነዲ ከተማ ኒዮርክ፡ ኣባላት ጸጥታ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዘይሕጋዊ ኅርጓር ኣብ ርእሲ ምክያዶም፡ ካብ ካልኦት ገየሽቲ ነጺሎም፡ ብፍሉይ መፈተሺ መሳርሒ ከምዝሓልፍ ገይሮሞ። ዲፕሎማሲያዊ መንነት ወረቐቱ እናረኣዩ፡ ናይ ኢድ ሳንጣኡ ናብ ፍሉይ መፈተሺ ቦታ ወሲዶሞ። እዚ ፍሉይ ተፍትሽ ብትእዛዝ ላዕለዎት ሓለፍቲ ከምዝተኻየደ ድማ ኣብኡ ዝነበረ ሓላፊ ጸጥታ ሓቢሩዎ። ብተወሳኺ ባልጃኡ ንሱ ኣብ ዘይብሉን ብዘይፍቓዱን ብሓይሊ ተኸፊቱ ከምእተፈተሸ ኣብ ኣስመራ ምስ በጽሐ ፈሊጡ። መረጋገጺ ናይቲ ፍጻመ፡ ኣብ ውሽጢ ባልጃኡ “ሓበሬታ ተፍትሽ” ዝብል ጽሑፍ ጸኒሖዎ። እዚ ተግባር’ዚ ኣብ ውዕል ጀነቫ ዓንቀጽ 36 ሰፊሩ ንዘሎ *“ተፍትሽ ዝምልከቶ ኣባል ዲፕሎማት ወይ ስልጣን ዝተዋህቦ ወኪሉ ኣብ ዘለወሉ ይካየድ”* ዝብል ሕጊ ዝጥሕስ እዩ።

22. ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ኣብ ለካቲት 2007 ብቁጽሪ 046/07 ኣብ ዘውጽኦ ምልክታ፡ *“ኣብ ዲፕሎማስያዊ ሳንጣ ዝተዓሸገ ኣብ ስራሕና ኣድላዪን ንምዕዳል ቪዛ ዘገልግልን ንብረት ኤምባሲና ከይኣቱ፡ ብቐጻሊ ዝግበር ዘሎ ምዕንቃፍ፡ ኣብ ስራሕ ኤምባሲና ጣልቃ ምትእትታው ምኳኑ እናሓበርና፡ እዚ ጉዳይ’ዚ ብኣጋ መፍትሒ እንተዘይ ተረኺቡሉ፡ ካብ ለካቲት 14 ጀሚሩ ኤምባሲና ንህዝቢ ዝህቦ ዝነበረ ኣገልግሎትን መስርሕ ምሃብ ቪዛን ከምዝቋርጾ ነፍልጥ”* ክብል ኣፍሊጡ።

23. ኣብ ለካቲት 2007 ቤት ጽሕፈት ምሕዳስ ቪዛ፡ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ *“ምምሕዳራዊ ገምጋም”* ብዝብል ፎኪስ ምስምስ ምክትል ሓላፊ ሚሽን ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዋሽንግቶን፡ ቪዛ ከየሐድስ ኣደናጉይዎ።

24. ኣብ ግንቦት 2007 ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ፡ ፕሮግራም ምቁጽጻር ሕማም ኤች.ኣይቪ/ኣይድስ ካብ 31 ግንቦት 2007 ጀሚሩ ከምዘቋርጽ ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ሓቢሩ። ምቁራጽ ናይዚ ምስ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ብምንጽጻር ኣዝዩ ንኡስ ፕሮግራም እውን፡ ብብህሎ ዕንቅፋታት ፍቓዳት ጉዕዞ እዩ ተመኽንዩሉ።

25. ኣብ ሰነ 2009 ፕረዚደንት ኦባማ፡ ንኤርትራ ኣብ መስርዕ ናይተን ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት (human trafficking) ዝሳተፉ ሃገራት ዝጽንብር፡ *“ትእዛዝ 1349”* ዝተሰምየ ሰነድ ብምፍራም፡ ኣብ ርእሲኣ ጽኑዕ ፋይናንስያዊ እገዳ ክግበር ወሲኑ። ግደ ሓቂ ግን፡ ምምሕዳራት ኣመሪካ እዮም፡ ንዕኦም ብዝርድኦም ምኽንያት ደይ መደይ ኢሎም ካብ ኤርትራ ሰባት ከምዝሃድሙ ኣብ ምግባር ተጸሚዶም ዝርከቡ። ኣብ 2004፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ንኣባላት ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR)፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ መላእ ብሄረ ኩናማ ኣብ ኣመሪካ ዑቕባ ንኽሓቱ ከተባብዕዎም ኣዋፊሩዎም። እንደገና ኣብ ለካቲት 2009፡ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝሃድሙ መንእሰያት ኤርትራ 10,000 ናይ ዑቕባ መሰል ከምዝመደበ ብወግዒ ኣፍሊጡ። (ብፍላይ እዚ ተግባር’ዚ፡ ነቲ ኣመሪካ ንዝኸድዑ ወተሃደራት

ብዝምልከት እትኽተሎ ሕጋጋት ዝጻረር ኮይኑ፡ ፔንታጎን ካብ ዒራቕ፡ ኣፍጋኒስታንን ካልኦት ናይ ውግእ ዞናታትን ሃዲሞም ኣብ ሳልሳይ ሃገር ዑቕባ ዝሓተቱ ወተሃደራቱ ናብ ፍርዲ ንምቕራብ ዝምርኰሶ ናይ ምስትላም መስርሓትን ኣገባባትን እውን ዘዕኑ እዩ።)

እዚ ዝሰዕብ መልእኽቲ ኣምበሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ንድሌት ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ኣብ ምምሓው ኤርትራውያን መንእሰያት ምሁራት ካብ ሃገሮም የርኢ፡-

> *"ኤምባሲ፡ ዳግማይ ናይ ቪዛ ኣገልግሎት (ኣብ 2007 ጠቕሊሉ ዝተቛረጸ) ንናይ ትምህርቲ ቪዛ ዘመልክቱ ተማሃሮ፤ ነቶም ነቲ ስርዓት(መንግስቲ ኤርትራ) ዝቃወሙን ካልኦትን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ክመሃሩ ዕድል ክንህቦም ንደሊ። ስለዝኾነ ድማ ኤምባሲ፡ ንሲኤ ብዛዕባ ንቪዛ ተማሃሮ ብቑዓት ዝኾኑ ኤርትራውያንን ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት ብዝምልከት ኣድላዪ ሕድገት ክገብር ይውክሶ..." ኣምበሳደር ሮናልድ ከይ. ማክሙለን፡ ሰሉስ፡ 5 ግንቦት 2009።*

26. ምምሕዳር ኦባማ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ፡ *"ኣብ ዝውታረ ሃይማኖታዊ ጸቕጢን ግፍዒን እተተሓሳሰበ ሃገር"* ብዝብል ቃላት ንኤርትራ ዝኸሰሰ፡ ዓመታዊ ዝዝርጋሕ ኣጥቃዒ መግለጺታት ቀጺልዎ እዩ።

## I. ዘይሕጋዊ ጣልቃ ኣብ መስርሕ ምምልካት ዶብ

27. ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ናይ መወዳእታን ቀያዲን ብይን ኮምሽን ዶብ፡ ኣብ ባይታ ከይምልከት ዘይሕጋዊ ምትዕንቓፍ ፈጢሩ እዩ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብ መስከረም 2003 ንብይን ኮምሽን ዶብ *"ዘይሕጋዊ፡ ዘይሓላፍነታውን ዘይቅኑዕን"* ኢሉ ብምግላጽ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት *"ኣማራጺ መካኒዝም"* ክናዲ ክሓትት እንከሎ፡ ብምኽሪን ፍቓድን ምምሕዳር ኣመሪካ እዩ ዝነበረ። ምምዛዝ ሎይድ ኣክስዎርዚን ስዒቡ ዝመጸ ንጀነራል ፉልፎርድ ዝመዘዘ ውሳነ ምምሕዳር ኣመሪካን፡ ገለ ካብቶም ኣመሪካን ኢትዮጵያን መግዛእታዊ ዶባት ኣብ ግብሪ ከይውዕል ንምዕንቃፍን ብይን ኮምሽን ዶብ ንምጉዕጻጽን ክጥቀምሎም ዝፈተኑ ውዲታት እዮም።

28. ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝተመዘዘ ጀነራል ፉልፎርድ ናብ ሕጋዊ ኣማኻሪ ኤርትራ ኣብ ዝጸሓፎ ግሩህ መልእኽቲ፡ ኣብቲ ዶብ ክሳብ ናይ ሓደ ኪሎሜተር ዝበጽሕ ምስትኽኻል ምግባር ምእንቲ ክከኣል ስርሒታዊ (ኦፐረሽናል) ዓቕናት ክልኣሽሉ ምሕታቱ ናይዚ ምልክት እዩ። ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ እውን ኣብ ሓምለ 2007 ኣብ ዝገበረቶ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ *"ግራት ካብ ዒላኡ ምእንቲ ከይፍለ"* መፍትሒ ንምርካብ *"ቴክኖሎጂ ሳተላይት"* ከበርክቶ ብዛዕባ ዝኽእል ሓገዝ ክትዛረብ ተሰሚዓ። ኣብዚ ጸቒጥካ ክስመረሉ ዝግባእ፡ በቲ ውሳነ ኣብ ክልተ ዝምቀሉ መሳጊድ ወይ ኣብያተ ክርስትያን ዘይምህላዎም እዩ። እቲ ጉዳይ ብዓቢኡ ነቲ ዝኾነ ጸገም

ከስዕብ ዘይክእል ኣስታት 1000 ኪሎሜተር ዝዝርጋሕ ዶብ ዝምልከት እዩ። ዝያዳ ኹሉ ክፍለጥ ዘለዎ ከኣ፡ እቲ ሕጋዊ መስርሕ ብኽልቲኡ ወገናት ብቑዓት እዮም ዝተባህሉ ሕጋዊ መወከሲታት ቀሪቦምሉ፡ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ብነዊሕ መስርሕ ምጉትን መልሲ ምጉትን ሓሊፉ፡ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ኩሉ ጉዳያት ኣብ ግምት ኣትዩ ዝተዋህበ ውሳነ እዩ። ወግዓዊ መርገጺ መንግስቲ ኣመሪካ፡ *“ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ እቲ ናይ መወዳእታን ቀያዲን ብይን ኮምሽን ዶብ ብዘይ ቅድመኩነት ክትግበር ኣለዎ”* ዝብል እንተድኣ ኮይኑ፡ ርእይቶ ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ ምስ ናይ መንግስታ መርገጺ ዝገራጮ እዩ።

29. ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ጆን ቦልቶን፡ ኣብታ ‘Surrender is not an Option; Defending America at the United Nations’ ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ንጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት ከምዚ ዝስዕብ ጽሒፉ ኣሎ።

> *“ብርግጽ ኣነ ጸግዒ የብለይን፡ ናይ ኤርትራ ነጥቢ ግን ሓቅነት ዘለዎ ኮይኑ ይስምዓኒ። ኢትዮጵያ ኣብ 2000 ነቲ ዶባዊ ምስሕሓብ ንምፍታሕ ዝቐረበ መካኒዝም ተሰማሚዓትሉ ከተብቅዕ፡ ዝኣተወቶ መብጽዓ ጠሊማ እያ። …ኣነ ነቲ ጸገም ክንፈትሖ ኣለና፡ እናረኸሰ ክኸይድ ሰኺ ኢልና ክንርኢ የብልናን ይብል ነይረ። ፈረንሳ፡ ጃፓንን ካልኦት ኣባላት ባይቶ ጸጥታን እውን ምስ ርእይቶይ ይሰማምዑ ነይሮም።… ንዓይ ፈጺሙ ክርድኣኒ ብዘይክኣለ ምኽንያት ግን፡ ኣብ ለካቲት 2002 ፍሬዘር ኣንፈታ ብምዛር፡ እቲ ‘ጌጋ’ዩ ነይሩ’ ኢላ ዝደምደመቶ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግም ተላዒሉ፡ ዓቢ ክፉል*

*ካብቲ ዘሰሓሕብ ግዝኣታት ንኢትዮጵያ ዝወሃበሉ ኩነት ክፍጠር ሕቶ ኣቕሪባትለይ። ብወገነይ ነዚ ሕቶ'ዚ ከመይ ገይረ ናብ ባይቶ ጸጥታ ከምዝቕርቦ ሓርቢቱኒ ነይሩ።...”*

30. ኣብ ተመሳሳሊ ጉዳይ፡ ብግዝያውነት ፍሉይ ወኪል ባይቶ ጸጥታ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ሚስተር ኣዞዝ ኤኒፋር ከምዚ ዝስዕብ ጸብጻብ ጽሒፉ፡-

*“ብ24 ሰነ 2006 ምስ ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ጃንዳየ ፍሬዘር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተራኺበ ነይረ። 'ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተዓጻጺፉ ኣይኮነን' ዝብል ናይ ግዕሳ መግለጺ ነይሩዋ። ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ካልእ ተመዓዳዊ መስመር ፈጢራ ከምዘላ ድማ ገሊጻትለይ። ብርእይቶኣ፡ ምምልካት ዶብ፡ በቲ ኤርትራ እትደልዮ ዘላ መልክዕ እንተኸይኑ ግብራውነት ዘይብሉ እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ፍታሕ ንኢትዮጵያ እውን ዘርብሕ ምእንቲ ክኸውን ምምልካት ዶብ ብዘይ ዳያሎግ ክፍጸም የብሉን በሃሊት እያ።”*

ብ11 ነሓሰ 2009 ኣብ ኤለክትሮንካዊ መልእኽቲ (ኬብል) ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ በርሊን ዝተጻሕፈ ብተመሳሳሊ ከምዚ ዝስዕብ ይንበብ፡-

*“ኢትዮጵያ፡ ንምርግጋእ'ቲ ዞባ 'መተካእታ ዘይብላ መሻርኽቲ' ምዃና ተሰማሚዕና ኢና። ዶባዊ ምስሕሓብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ደስኪሉ ዘሎ ንመጻኢ ኣርሒቕካ ብምጥማት እዩ።”*

31. ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ሓያሎ ውሳነታት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ብማዕረ ከምዘውቅስ ጌርካ ኣብ ምሕላፍ ወሳኒ ግደ እዩ ተጻዊቱ።

ሓደ ሓደ ግዜ እውን፡ ንኤርትራ ጥራይ ከም በዳሊት ገይሩ ዘቕርብ ውሳነታት ኣብ ምሕላፍ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ተዓዊቱ እዩ። ኢትዮጵያ ነቲ ብኣስገዳድነት ባይቶ ጸጥታ ክትግበር ዝግብኦ ዝነበረ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ነጺጋቶ እያ። ንስምምዕ ኣልጀርስን ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ብምጥሓስ ከኣ፡ ነቲ ኣብ 2002 ዝጸደቐ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ባድመ ዝደኰነቶ ሰፈራ ክትነቅል ዝእዝዝ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ግሂሳ፡ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ትርከብ። ኩሎም እዞም ጉዳያት እዚኣቶም ምስ ግዜ እናሃሰሱ ኪኸዱ ድሕሪ ምጽንሖም፡ መንግስቲ ኣመሪካ መቕጻዕቲታት ባይቶ ጸጥታ ናብ ኤርትራ ከምዝቐንን ክገብር ክኢሉ እዩ። ብ1 መጋቢት 2008 ዝተጻሓፈ፡ ካብ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝተላእከ ሓደ መልእኽቲ (ኬብል)፡ ተልእኾ ወኪል መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ ገለ ኣባላት ባይቶ ጸጥታን ኣብ ሰራዊት ሕቡራት ሃገራት ኣበርክቶ ዘለወን ሃገራትን ደገፍ ብምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክግበር ጻዕርታት ምክያድ ምዃኑ ይገልጽ። *"...(ኤርትራ) ኣብ ሰራሕ፡ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (ኣንሚ) ምትእትታው ብምግባራ፡ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ቀረባ እዋን ቀረብ ነዳዲ ብምኽልኣ..."* ይብል እሞ እቲ መልእኽቲ፡- *"እቲ ክውሰድ ዝኽእል ኣማራጺ ስጉምቲታት 1) ኣብ ልዕሊ ቁልፊ ሓለፍቲ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ጉዕዞ እገዳ ምስግዳድ፣ 2) ምድስካል ሕሳባት ናይዞም ሓለፍቲ እዚኣቶምን ካልእ ናይ ኤርትራ ሕሳባትን ጸጋታትን፣ 3) ኣብ ጸጋታት ኤርትራ እንተላይ ማዕድናዊ ሃብቲ ዝቐንዐ ናይ ንግዲን ወፍሪን ማዕቀብ ምግባር፣ 4) ናይ ኣጽዋር እገዳ ምስግዳድ..."* ከምዘጠቓልል ይገልጽ።

## II. ተራ ኣመሪካ ኣብ ምጉሃር ግጭት ምስ ጅቡቲ

32. ዝምድና ኤርትራን ጅቡቲን ዋላ ኣብቲ ኩነታት ሶማል ናብ ዝበኣሰ ደረጃ ዝዓረገሉ 2006፡ እናተመሓየሸ እዩ ዝኸይድ ነይሩ። እዚ እናኾነ ግን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኢትዮጵያን፡ ንጅቡቲ ደፋፊኦም፡ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ'ዛ ጎረቤታ ዝኾነት ንእሽቶ ሃገር ወተሃደራዊ ወራር ከምዝፈጸመት ኣምሲሎም ንምኽሳስ፡ ብሓባር ውዲት ኣሊሞም። ብ14 መስከረም 2006 ካብ ኤምባሲ ፈረንሳ ኣብ ጅቡቲ ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ፡ ነቲ ብ7ን 8ን መስከረም ኣብ መንጎ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ጅቡቲ፡ ዳብልዩ ስተዋርት ሲሚንግቶንን ሰበስልጣን ፈረንሳ ሄለን ለ ጋል፡ ደስክ ኦፊሰር ፍራንስዋ ጎትየር፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ሺራክ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ሚሸል ዲ ቦነኮርስን ምክትሉ ጃክ ቻምፓኝ ደ ላቦርዮለ ዝተኻየደ ኣኼባታት ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ጸብጻብ ከምዚ ዝስዕብ ይብል።

> ***"…. ጅቡቲ ምስ ኢትዮጵያን ኤርትራን ሚዛናዊ ዝምድናኣ ክትዕቅብ ክኢላ እያ… ፈረንሳ ከም ተኽእሎ ኣብ ጅቡቲ ክኽሰት እትጸበዮ ማሕበራዊ ዘይምርግጋእ፡ ብኸፊል ካብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ዝርከብ እቶት ኣብ ኩሉ ክባጻሕ ብዘይምኽኣሉ ክምንጩ ይኽእል ይኸውን … ሰፊሕ ዝርግሐ ናይቲ ብቐንዱ ካብ ኢትዮጵያ ዝመጽእ ጫት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣነቓቓሒ ዕጽ እውን ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባዊን ህይወት ሕብረተሰብ ጅቡቲ ዓቢ ኣሉታዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ… ዝበዝሕ ግዜ ዘይምርግጋእ ዝኽሰት ቀረብ ጫት ክንቈልቈል እንከሎ እዩ…. በቲ ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዘሎ ስራሕ ተሳሒቦም ወይ ኣብቲ ወደብ ብዙሕ ስራሕ ክርከብ***

*ይኽእል'ዩ ብዝብል ግጉይ ትጽቢት ናብ ጅቡቲ ዝውሕዙ ሶማላውያን፡ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን እውን ቁጽሮም እናበዝሐ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ኣብ ጅቡቲ ቀቢላዊ ምትፍናን እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ....." ይብል።*

33. ብ16 መስከረም 2006፡ *"ኢትዮጵያ፡- ምክትል ሚኒስተር ተቀዳ ብዛዕባ ሶማልን ካልኦት ዞባዊ ጉዳያትን ምስ ዳስ ያማማቶ ተዘራሪቡ"* ብዝብል ኣርእስቲ ዝተጻሕፈ ኬብል፡ ናይ ኢትዮጵያ ምክትል ሚኒስተር ተቀዳ ኣለሙ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝርከቡ ሰበስልጣን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝምድና ጅቡቲን ኤርትራን ክብተኽ ይደሊ ምህላው ከምዝገለጸሎም ይሕብር። እቲ ካብ ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ያማማቶ ዝተላእከ መልእኽቲ ከምዚ ኢሉ ይጅምር። *"...ተቀዳ፡ ጽልዋ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ጅቡቲ እናወሰኸ ምኻዱ ከምኡ'ውን ምስ ፕረዚደንት ገለ ዘሎ ጥቡቕ ርክብ ከምዘሰክፎ ገሊጹ። ሓደገኛነት ናይቲ ጅቡቲ እተርእዮ ዘላ ባህርያት ብዝምልከት መንግስቲ ኣመሪካ ምስ ጅቡቲ ብግልጺ ክዘራረብ ድማ ተላቢዩ። ....ተቀዳ ቀጺሉ 'መንግስቲ ጅቡቲ ግጉይ መገዲ እዩ ሒዙ ዘሎ' ድሕሪ ምባል፡ ጅቡቲ ናይ ኢትዮጵያ ቀጻሊ ዕርክነትን ትዕግስትን ከም ውሁብ ክትወስዶ ዘኽእላ ሓይሊ የብላን" ክብል ወሲኹ።*

34. እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ለካቲትን መጋቢትን 2008፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዘሎ ኣጀንዳ ኣመሪካን ኢትዮጵያን ምእንቲ ከገልግል፡ ብህሎ ዶባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ጅቡቲን ደይ መደይ ኢልካ ከምዝራሰን ተገይሩ። መንግስቲ ጅቡቲ፡ *"ኤርትራ ኣብቲ ሓባራዊ ዶብ ሰራዊት ኣስፊራ ኢሉ"* ዝኽስስ ጽዑቕ ዘመተ ከካይድ ጀሚሩ።

እዚ ቀጺሉ ዝስዕብ መልእኽቲ ከምዘነጸሮ እዚ ጉዳይ'ዚ ብኣመለኻኽታ መንግስቲ ፈረንሳ ዘዛርብ ኣይነበረን። እቲ መልእኽቲ ከምዚ ይብል፡- *"...ኣምባሳደር ፈረንሳ ኣብ ጅቡቲ ዶሚኒክ ደሸርፍ፡ ዋላ እኳ ንመግለጺ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጅቡቲ ግምት ዝሀቦ እንተኾነ፡ ናይ ፈረንሳ ወተሃደራውያን ተዓዘብቲ ግን፡ ኣብ ዶብ ዝተኣከበ ሰራዊት ኤርትራ ኣይረኣዩን። ብ17 ሚያዝያ ኣብቲ ከባቢ ኮለላ ከተካይድ ዝተዋፈረት ነፋሪት፡ ዝኾነ ደካሊ (ኣብ መደምደምታ ዘብጽሕ) ነገር ኣይረኣየትን። ኣብቲ ዶብ ድማ ጸዕቂ ዘለዎ ምትእኽኻብ ናይ ሰራዊት ኣይተዓዘበትን"*

35. ብ12 ግንቦት 2008፡ ናይ ፈረንሳ ኣጠማምታ ኣብቲ ጉዳይ ከም ቀደሙ እዩ ነይሩ። ካብ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ፓሪስ ዝተላእከ መልእኽቲ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡- *"...ለ ጋል፡ ጅቡታውያን ሰለስተ ግዜ ንመዓልቲ ይድውሉላ ምንባሮም፡ ንሳ ግን ኣብ መልእኽታ፡ ባዕሉ ብሰላም ዝደቀሰ ጉዳይ ቀስቂሶም፡ ኣብቲ ዞባ ወጥሪ ካብ ምዕራግ ክቑጠቡ ትላበዎም ምንባራ፡ ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነዊሕ ዝገበረ ምስሕሓብ እናሃለወ፡ ክልቲኦም ወገናት ኣብቲ ዞባ ካልእ ግድል ክፈጥሩ ከምዘየድሊ ብምግላጽ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጅቡቲን ንዶባዊ ምስሕሓብ ዝድርኽ ዝኾነ ታሪኻዊ መሰረት ከምዘየለ ትሕብሮም ምንባራ ትገልጽ..."*

36. ፈረንሳ ነቲ ጉዳይ ንምፍታሕ ንኤርትራን ጅቡቲን ክትሽምግል ድልውነታ እናገለጸት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ፈለማ ጸግዒ ጅቡቲ እያ ሒዛ። ብ10 ሰነ 2008 ሓይልታት ጅቡቲ ንኣሃዱታት ኤርትራ ኣብ ዘጥቅዕሉ እዋን ድማ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነቲ

“ወራር ኤርትራ” ኢላ ዝገለጸቶ ፍጻመ ብምኹናን፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ኤርትራ ውሳነ ከሕልፍ ጸቕጢ ጌሩ። ተግባራት ኣመሪካ ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ብዝምልከት ካብ ዊኪሊክስ ዝተረኽበ ሓበሬታ ከምዚ ይብል። እቲ ብ15 ጥሪ 2009 ዝተጻሕፈ ሓበሬታ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ጅቡቲን ኣብዚ ዛዕባ’ዚ ዝነበረ ጥቡቕ ምትሕብባር ብኸምዚ ዝስዕብ የቃልዕ። *“….ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጅቡቲ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ጉዳይ ዶባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ጅቡቲን ንዘሕለፎ ውሳነ 1862 ኣመልኪቱ ምስጋናኡ ንምግላጽ፡ ብ15 ጥሪ ንኣምባሳደርና (ኣምባሰደር ኣመሪካ) ጸዊዕዎ ነይሩ። ዮሱፍ፡ መንግስቲ ጅቡቲ በቲ ውጽኢት ከምዝተደሰተ ንኣምባሰደር ገሊጹሉ። ኣምባሳደር እውን፡ እቲ ውጽኢት ብሓባራዊ ጻዕሪ እንተላይ ናይ ቀረባ ምምኽኻር ምስ ጅቡታዊ ሮብለ ኦልሃየ ዝተረኽበ ምዃኑ፡ እቲ ውሳነ ድማ ሓያል’ዩ ኢሉ ከምዝኣምን ብምሕባር ደስታኡ ገሊጹ። ብኻልእ ወገን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጅቡቲ፡ ቅዳሕ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ 1862 ናብ ኩለን ኣብ ጅቡቲ ዝርከባ ናይ ወጻኢ ሚሽናት ብምዝርጋሕ፡ ‘ባይቶ ጸጥታ ሓላፍነት ናይቲ ወራር ንኤርትራ ኣብ ርእሲ ምስካሙ፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ሰሙናት ካብ ራስ ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ክትስሕብ ምጥላቡ፡’ ኣድሚቑ ኣስሚሩሉ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ ውሳነ ብኣዎንታ ክምልሰሉ ከምዘይኮነ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሕጂ መንግስቲ ጅቡቲ ነቲ ድሕሪ ሓሙሽተ ሰሙናት ዝስዕብ ካልኣይ መድረኽ ዝኸውን ስትራተጂ ከማዕብል የድልዮ ኣሎ። እዚ ነጥቢ’ዚ፡ ኣምባሳደርና ኣብ ጅቡቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ወርሒ ምስ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ፡ እንተላይ ምስ ዮሱፍ፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ሓሰን ሰይድ ኬር፡ ከምኡ’ውን ፕረዚደንታዊ ጸሓፊ ጀነራል*

*እስማዒል ጣኒ ኣብ ዘካየዶ ርክባት ደጋጊሙ ከልዕሎ ዝጸንሐ ጉዳይ እዩ። ነዚ ስትራተጂ'ዚ ኣብ ምምዕባል ምስ ዮሱፍ ብቐረባ ክተሓባበር ምዃኑ እውን ኣረጋጊጹሎም ኣሎ።"*

## III. ወሳኒ ተራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ብይናት ባይቶ ጸጥታ 1907 ን 2023

37. ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2009ን 2011ን ብተኸታታሊ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘስገደዶ ቀጻዒ እገዳታት፡ ቀንዲ ሃንዳሲቱ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እያ። ብቓላት ተሓጋጋዚት ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ ነበር ጃንዳየ ፍሬዘር፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ዝተኸተሎ ስትራተጂ፡ ኤርትራ ካብቲ ሕጋዊ መስመር ፈልከት ምባል ስለዝኣበየት *"ምንብርካኽ ወይ ምቕጻዓ"* እዩ ነይሩ። ነዚ ካብ ዘረጋግጽ ብዙሕ ጭብጢታት ሓደ፡ እቲ ብመገዲ ዊኪሊክስ ናብ ህዝቢ ተዘርጊሑ ዝርከብ ምስጢራዊ ሰነዳት እዩ።

38. ብመሰረት ኬብላት ዊኪሊክስ፡ ኣምባሳደር ሱዛን ራይስ፡ *"ዝባዊ ዘይምርግጋእ ዝፈጥር ዘሎ ባህርያት ኤርትራ"* ብዝብል ምስምስ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳታት ንምጽናዕ ቀጥታዊ ድፍኢት ክትገብር ጸኒሓ እያ። *"ኡጋንዳ፡ ንጅቡቲ ዝሕውስ ብይናት እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ግምት ክትህቦ እያ፣ መብጽዕኣ ንኣሚሶም እውን ኣጽኒዓቶ ኣላ"* ብዝብል ኣርእስቲ ዝተጻሕፈ ሓደ ሰነድ፡ ብ20 መስከረም 2009 ኣብ መንጎ ሱዛን ራይስን

ፕረዚደንት ኡጋንዳ ዩወሪ ሙሴቬኒን ናይ ዝተኻየደ ዝርርብ ዝርዝራት ኣስፊሩ ኣሎ። ከምዚ ዝብል፡-

*"…ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ወራር ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ጅቡቲ ዘጠቓለለ ብይን ክሓልፍ ኣበርቲዓ ከምእትድግፍ ራይስ ጸቒጣ ተዛሪባትሉ። ራይስ፡ 'እዚ ናይ መትከል ጉዳይ እዩ። ኣመሪካ ተኣማንነት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዘጉድል፡ ኤርትራ ከም ድላያ ጎረባብቲ ሃገራት ምውራር ክትቅጽል ዘተባብዕ ኩነት ሸለል ክትብሎ ኣይትኽእልን እያ' ክትብል እንከላ፡ ሙሴቬኒ ብወገኑ፡ ንድፌ እገዳታት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ እንተድኣ ንሶማልያን ጅቡቲን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ናይ ምጽዳቕ ዕድሉ ዝንክዮ ከይከውን ስክፍታኡ ገሊጹ። <u>ራይስ፡ ብይን ንምሕላፍ ዘሎ ዕድል ሓንሳብ እዩ፡ ስለዚ ጅቡቲ ግድን ክትኣቱ ኣለዋ ኢላ ከምእትኣምን</u> ብምሕባር፡ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ጎረባብታ ወራር ኣብ ዝፈጸመትሉ ሓሙሽተ ኣጋጣሚታት (የመን፡ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ) ማሕበረሰብ ዓለም ብኣድማዕነት ከምዘይበደሃ ገሊጻ። ኣብ ጥሪ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሹዱሽተ ሰሙናት ካብ መሬት ጅቡቲ ክትወጽእ ነዚ እንተዘይፈጺማ ድማ እገዳታት ክብየንላ ወሲኑ ምህላው ከኣ ኣዘኻኺራ።"*

39. ራይስ፡ ንክሲታታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘእምን መርትዖታት ኣብ ምቕራብ ግድስቲ ኣይነበረትን። ኣብ ልዕሊ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ብዘለዋ ርእይቶ እውን፡ ዛዕባኣ ንምትግባር ነቲ ባይቶ ምግጋይ ብዙሕ ኣጸጋሚ ከምዘይከውን እዩ እምነታ። እቲ ሰነድ ከምዚ ይብል፡-

*"….ራይስ፡ ዝሓለፈ ተሞኩሮታት ባይቶ ጸጥታ ምርኩስ ብምግባር፡ ብኣፍሪቃውያን ዝኾና ኣባል ሃገራት ናይቲ*

*ባይቶን ብሕብረት ኣፍሪቃን ዝቐረበ ብይናት፡ ባይቶ ጸጥታ ዓጊትዎ ከምዝይፈልጥ ንሙሴቬኒ ኣዘኻኺራቶ። ቡርኪናፋሶን ኡጋንዳን ነቲ ብይን እንተድኣ ኣቕሪበንኦ፡ ብሪጣንያ ክትድግፎ፡ ፈረንሳውያን ድማ ርእሶም ኣድኒኖም ሰቕ ክብሉ ትጽቢት ኣመሪካ ምዃኑ እውን ገሊጻ። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኩቴሳ ብወገኑ፡ ኡጋንዳ እቲ ብይን ንጅቡቲ ምጥቕላሉ ዝኸነ ተቓውሞ ወይ ስክፍታ ከምዘይብላ ብምሕባር፡ ቀንዲ ስክፍታኦ፡ ቅድሚ ሕጂ ሕብረት ኣፍሪቃ ንጅቡቲ ዘጠቓልል ብይን ስለዘየሕለፈ፡ ልኡኻት ሩስያን ቻይናን፡ ኣብቲ ጉዳይ ቅድሚ ምስምምዖም ምናልባት ምስ ርእሰ ከተማታቶም ይመኻኸሩ ይኾኑ ዝብል እዩ። ራይስ ንኩቴሳ ብዙሕ ክጠራጠር ከምዘይብሉ ብምምዓድ፡ ብኣፍሪቃውያን ዝቐረበ ተባሂሉ ዝተኣምነሉ ብይን ፈጺሙ ከምዘይወድቕ ኣረጋጊጻትሉ። ምናልባት ሩስያን ቻይናን ብዛዕባ ምእታው ጉዳይ ጅቡቲ ኣብቲ ብይን ዘሰክፎም እንተመሲሉ፡ እቲ ብይን ናብ ድምጺ ቅድሚ ምቕራቡ ምስኣቶም ምምኽኻር ክግበረሉ ከምዝኽእል ድማ ገሊጻትሉ…”*

## IV. ዘየቋርጽ ዘመተ ምድዋን

40. ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ኣብ ምስይጣን ስም ኤርትራን መንግስታን ተጸሚዱ ጸኒሑ ኣሎ። በቲ ክፍሊ ዝቐርብ ዓመታዊ ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት ብብዙሕ ዝንቡዕ ጭብጢታትን ፍጻመታትን ዝተመልአ እዩ።

41. ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ንኤርትራ ብምግሃስ መሰል ሃይማኖት ብፍሉይነት ኣብ መዝገብ *“ዝተሓሳሰብ ደረጃ”*

ምስፋሩ ንንጹር ፖለቲካዊ ምኽንያታት እዩ። ኤርትራ ተኸተልቲ ሃይማኖታት ክርስትናን ምስልምናን ንልዕሊ 1400 ዓመታት ብስኒትን ውህደትን ክነባበሩላ ዝጸንሑ ዓለማዊት (ሰኩላር) ሃገር እያ። ምግሃስ ሃይማኖት ተባሂሉ ዝንዛሕ ዘመተ እምበኣር ንኻልእ ስውር ዕላማ ዝቐንዐ እዩ። እቲ ዘዛርብ ዘሎ፡ ብዛዕባ ነተን ካብ ኣማኢት ዘይሓልፉ ውሑዳት ሰዓብቲ ዘለውወን ብግዳም ፋይናንስያዊ ደገፋት ዝግበረለን ሒደት ሓደስቲ ሃይማኖታውያን ጉጅለታት እዩ። እዘን ጉጅለታት እዚኣተን ብመሰረት ሃገራዊ ሕጊ ክምዝገባን ኣታዊታተን ከፍልጣን ይሕተታ እየን። እንተኾነ ብቐጻሊ ነዚ መምርሒ'ዚ ክጥሕሳን ብሕግታት ሃገር ምቕያድ ክኣብያን ጸኒሐን ኣለዋ።

42. ጉዳይ ዲፕሎማሲያዊ ንብረት እውን ካብ ዝግብኦ ንላዕሊ ክወዓዋዕ ዝጸንሐ እዩ። ክልተ ሳዕ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ፡ *"ዲፕሎማሲያዊ ንብረት"* ኢሉ ዘምጽኦም ዓበይቲ ኮንተይነራት፡ እቲ ልክዕ ትሕዝቶኦምን ብላዕሊ ተጠቂዕሎም ዝነበረ ጽሑፍን ፍጹም ዘይራኸብ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር እቶም ኮንተይነራት ኣይተታሕዙን። በዓል ስልጣን ግምሩክ ኤርትራ፡ ኣባል ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ዘለወሉ እቲ ኮንተይነራት ክኸፈት ነቲ ኤምባሲ ሕቶ ኣቕሪብሉ። እቲ ኤምባሲ ፍቓደኛ ስለዘይነበረ ከኣ፡ ንብረቱ ክመልሶ ተሓቢሩ። እዚ ክልተ ሳዕ ጥራይ ዘጋጠመ ፍጻምታት እዩ። ካልእ እዋን ግን፡ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣማኢት ኮንተይነራት ከእቱ ዘይቅየድ መሰል ነይሩዎ እዩ። እቲ ኤምባሲ ካልእሲ ይትረፍ ንዲፕሎማሲያዊ ውዕል ቪየና ብዝጻረር መገዲ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ከይሓበረ፡ ወይ'ውን እቲ መሳርሒ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ናይ ስራሕ ፍቓድ ከይሓተተ፡ ኣብ

ቀጽሪ ኤምባሲኡ መቀባበሊ መልእኽትታት ሬድዮ ከምዝተኸለ መንግስቲ ኤርትራ ይፈልጥ እዩ።

43. ምዕጻው ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ኤርትራ ኣብ ኦክላንድ "ግብረ መልሲ" ተባሂሉ ክትርጎም ዝኽእል ኣይኮነን። ቅድም ቀዳድም ሰበስልጣን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዋሽንግቶን ብዙሕ ካብ ሕጊ ወጻኢ ተግባራት እንተላይ ምህጋር ገንዘብን ሰነዳትን ዘጠቓለለ በይናዊ ስጉምቲታት ወሲዶም እዮም። መንግስቲ ኤርትራ ግን ዝወሰዶ ግብረ መልሲ ኣይነበረን። እንተ'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ወጥሪ ኣብ ግምት ብምእታው ዝገበሮ ናይ ጉዕዞ ቀይድታት፡ ብፍሉይነት ናብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኣመሪካ ዝቐንዐ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ግዝያዊ ቀይድታት ምግባር ኩለን ሃገራት ምስ ኩነታተን ኣዛሚደን ዝጥቀማሉ ልሙድ ኣሰራርሓ እዩ። ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ ነቲ ስጉምቲ 'ግብረ መልሲ እዩ' ኢላ ምግላጻ እምበኣር ርትዓዊ ኣይኮነን። በዚ ኩነታት'ዚ *"400 ዝኾኑ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ኣመሪካውያን ቆንስላዊ መሰሎም ብምግሃሱ ብኣሉታ ተጸልዮም"* ዝተባህለ እውን ሓቅነት ዘይነበሮ እዩ።

44. *"ደጋፊት ግብረሽበራ"* ከምኡ'ውን *"ዝራጊት ዘባዊ ሰላም"* ብዝብል ቃላት ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ዘለው ክስታት፡ መራኅዲ ስውር ድልየታት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ጥራይ እዮም። መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሶማል፡ ብወግዒን ብዘየሻሙን መገዲ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡ ኣብ ኣኼባታት ኢጋድ ኮነ ሕቡራት ሃገራት ከይተረረፈ ተገሊጹ እዩ። ድሕሪ 16 ዓመታት ናይ ሕንፍሽፍሽ

እዋን፡ ኣብ ሶማል ዝመጸ ሕቶ ዳግመ ምቛም ሃገር፡ ምስ *"እስላማዊ ግብረሽበራ"* ምምስሳሉ፡ ሓደው ዘይምፍላጥ እዩ፡ ወይ ብፍላጥ ጭብጢታትን ፍጻመታትን ዝጥምዝዝ ኣቀራርባ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ደጋጊሙ ከምዝገለጾ፡ ብጭብጢ ዘይተረጋገጸ ህላወ ናይ ሓደ ክልተ ኣባላት ኣህጉራዊ ግብረሽበራ፡ ብዝኾነ መለክዒ ልኡላዊት ሃገር ንምውራር መመኽነይታ ክኸውን፡ ጠንቂ ሞት 10ታት ኣሽሓት ሰባትን ምዝንባል ሚልዮናት ህዝቢን ክኸውን ኣይክእልን፡ ኣይግባእን እውን።

45. ንምዝራግ ሰላም ከባቢ ኣመልኪቱ ናብ ኤርትራ ዝቐርብ ክሲ እውን ዘይእመንን ዘይቅቡልን እዩ። ከምዝፍለጥ ኢትዮጵያ *"ምስ ሓድሽ ክውንነት ዝሰማማዕ"* ብዝብል ምኽንያት፡ ብደገፍ ኣመሪካ ብዝተገብረ ምምሕያሽ፡ ንውሳነ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ጥሒሳ እያ ኣብ ልዕሊ ሶማል ወራር ፈጺማ። ወራር ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝተወጠነ፡ ስውር ምትብባዕን ጥሙር ውጥንን ዝተፈላለያ ትካላት ኣመሪካ ዝነበሮ እዩ። ብዓቢኡ እውን ኢትዮጵያ ኣህጉራዊ ሕግታት ግሂሳ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ብምሓዝ፡ ኣብዚ ከባቢ ቀዋሚ ውጥረትን ዘይምርግጋእን ፈጢራ ከምዘላ ዝፍለጥ እዩ።

46. ብተመሳሳሊ፡ ሃናጺ ተራ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሱዳን "***እወታዊ ጽልዋ ንግጉይ ምኽንያት***" ተባሂሉ ክሕጩጩሉ ዝግባእ ኣይኮነን። ብርግጽ ኤርትራ ኣብ መፋርቕ 90ታት፡ መንግስቲ ካርቱም ምስ ግብረሽብራውያን ክተሓባበር እንከሎ፡ ቢን ላደን ቤት ጽሕፈቱ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ምስ ኢትዮጵያን ኡጋንዳን ብሓባር ኣንጻር መንግስቲ ሱዳን ደው ኢላ ነይራ እያ። ኣመሪካ

እውን እንተኾነ ኣብቲ እዋን'ቲ ብውሑዱ ደጋፊት ናይዘን *"ቅድመ ግንባር ሃገራት"* ተባሂለን ዝጽውዓ ዝነበራ ሃገራት እያ ነይራ። ስለዚ፡ ተሓጋጋዚት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ነዚ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝነበረ ግሁድ መርገጺ ሃገራ ኣይተወከሰቶን ወይ ደይ መደይ ኢላ ክትጎስዮ እያ ፈቲና።

47. ኣመሪካ ኣብዚ ከይተሓጽረት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ንኤርትራ ንምንጻል፡ ካብ ኤውሮጳ ብፍላይ ድማ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ናብ ኤርትራ ዝውሕዝ ወፍሪን ቁጠባዊ ምትሕብባርን ንምዕጋት ክትሰርሕ ጸኒሓ ኣላ። እዞም ዝስዕቡ መልእኽቲታት (ኬብላት) ዝርግሐን ስፍሓትን ናይዞም ዘመተታት እዚኣቶም ዘጉልሑ እዮም።

48. "*ካርተር፡ ብ23 ሚያዝያ ኣብ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቤልጁም ምስ ጉጅለ ኣፍሪቃ ዝገበሮ ኣኼባ*" ብዝብል ኣርእስቲ ብ29 ግንቦት 2009 ዝተላእከ መልእኽቲ ከምዚ ይብል፡- *"...ኣብ እዋን ቁርሲ ናይ 23 ሚያዝያ፡ ፊሊፕ ካርተርን ናይ ኤን ኤስ ሲ (NSC) ላዕለዋይ ዳይረክተር ኣብ ኣፍሪቃ ሚቸል ጌቪን ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቤልጁም ምስ ጉጅለ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተራኸብሉ፡ ፊሊፕ ካርተር ንኤርትራ ደጋፊሙ ብምኽሳስ፡ ምትሕግጋዝ ኤውሮጳዊ ሕብረት ምስ ኤርትራ ዘተሓሳስብ ምኳኑ ገሊጹ። '...ካርተር ብተወሳኺ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ንመንግስቲ ኤርትራ ብዛዕባ ዝህቦ ዘሎ ደገፍ ክፈልጥ ሓቲቱ።....ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳታት ክግበር ሕብረት ኣፍሪቃ ኣቕሪብዎ ንዘሎ ጻውዒት ክድግፍ ዘለዎ ተስፋ እውን ገሊጹ። ጠንቂ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ንዝኾነ ሓደ ንጹል መንግስቲ 122 ሚልዮን*

*ዩሮ ሓገዝ ምሃብ፡ እንታይ ዓይነት ልቦና ከምዝኾነ እውን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትይዎ…”*

49.ተሓጋጋዚ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ካርል ዋይኮፍ፡ ብ19 ሕዳር 2009 ምስ መለስ ዜናዊ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ዘካየዶ ዝርርብ ሓደ ጸብጻብ፡ ኣመሪካ ንኤርትራ ንምንጻል እተካይዶ ዘላ ዘመተ ከምዚ ክብል ኣንጸባሪቑ። *“…ዋይኮፍ ዋላ እኳ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብዚ ቀረባ ግዜ፡ ኣማራጺታት ይጥምት ከምዘሎ ዘመልክት፡ ናብ ዲፕሎማሰኛታት ሕብረት ኤውሮጳ ዒላማ ዝገበረ ሰሓቢ ምንቅስቓሳት ይገብር እንተሎ፡ ኤርትራ ኣብ ባህርያታ ምምሕያሽ ከምዘርኣየት ዘረድእ ጭብጢታት ዘይምህላው ገሊጹ። ዋይኮፍ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ምስ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዝርርባታ ብምስፋሕ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ እገዳታት ከሕልፍ ድርኺት ናይ ምግባር መብጽዓኣ ኣጽኒዓ ሒዛቶ ከምዘላ ንመለስ ዜናዊ ኣረጋጊጹሉ። መንግስቲ ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ ንኣስመራ ዝወሃብ ደገፋት ምብታኽ ዝዕላማኡ፡ ብቐንዱ ድማ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ጭቡጥ ደገፍ ንምርካብ፡ ናብ ካይሮ፡ ርያድ፡ ጅዳን ካልኦት ከተማታትን ልኡኻት ከምዝሰደደ እውን ሓቢሩ። ኣቐዲመን ንኤርትራ ዝድግፋ ዝነበራ ገለ ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኤርትራ ኣብዚ ዞባ እትጻወቶ ዘላ ሓደገኛ ኣሉታዊ ተራ ይርድኣ ምህላወን ከምዝተዓዘበ ጠቒሱ ከኣ፡ ብሪጣንያ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኤርትራ እንተላይ ንዘቤታዊ ጸጥታኣ ኣሲጋኢት ምዃና ክትኣምን ምኽኣላ ኣረዲኡ።…”*

## V. ብድሕሪ ዘይምኽኑይ ተጻብኦ ኣመሪካ ዘሎ ምኽንያታት

50. ጥንግናግ ተጻብኦታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ዘይሩ ዘይሩ፡ ኣብ ሓደ ንጹር ምኽንያት እዩ ዝዓልብ። እዚ መረዳእታ'ዚ፡ ኣብ 1950ታት ዝነበረ ኮይኑ....ሕጂ እውን ዘሎ እዩ። ተጻብኦታት ኣመሪካ፡ ምስ ኣህጉራዊ ሕግታትን መትከላትን ከምኡ'ውን ምስ ክብርታት ፍትሒ፡ ደሞክራሲ ይኹን ሰብኣዊ መሰላት ዝኾነ ምትእስሳር የብሉን። ኣመሪካ ፍልስፍናዊ ኣጠማምታን እንታይነትን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስልጣን ዝሓዘ ስርዓት ብዘየገድስ፡ *"ኢትዮጵያ ንስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣመሪካ ብዝበለጸ ከተገልግል እትኽእል ሃገር'ያ"* ዝብል ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝጸንሐ ጽኑዕ እምነት ኣለዋ። እዚ ዘይቅየርን ዓብላሊን ፖሊሲ'ዚ ኣብ 1950ታት፡ ንዝሑል ኲናት ብምምኽናይ ዝተራዕመ እዩ። ሕጂ እውን ኣብ ናይ 2002 ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ፡ ዞባዊ "መልሕቕ ሃገራት" ብዝብል ኣምር ዳግም ሰፊሩ ይርከብ።

51. ኣብ ካልኣይ ንፍቒ ናይ ዝሓለፈ ዘመን ብጋህዲ ከምእተራእየ፡ እዚ ፖሊሲ'ዚ ንኤርትራ፡ ንኢትዮጵያ ኮነ ነዚ ዞባ ከምኡ'ውን ንባዕላ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣየርብሐን። ጌጋታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለዘመን፡ ሎሚ እውን ክእረም ዘይምኽኣሉ ከኣ ሕማቕ ዕድል እዩ።